# ሕቡራት ሃገራት፥ ብሕማቕ ኩነታት መነባብሮ
# ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን የጠንቅቕ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**27.08.2005**

ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልስሓፋ፥ ሕቡራት ሃገራት ን90,000 ዝኾኑ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ብ50% ዝኸውን ትሕዝቶ ንምምጋብ እቃለስ ኣለኹ ዝብል መግለጺ ከምዝሃበ ኣብ ናይ ዕለት 27.08.2005 ሕታማ ዘኪራ።

ሚስተር ራሚሮ ሎፐዝ ደሲልቫ፥ ዳይረክተር ዓለማዊ ትካል መግቢ ኣብ ሱዳን፥ “ንስደተኛታት ንምቕላብ ጀሚርናዮ ዘሎና ዕማም ክቕጽል እንተደኣኾይኑ፥ ናይ ዓ ለም ሓገዝ የድልየና ኢዩ” ኢሉ። ቀጺሉ፥ ናይ ዓለም ትካል መግቢ፥ ነቶም ኣብ 12 መደበራት ዝርከቡ፥ ሓሪሶም ይኹን ሰሪሖም ክነብሩ ዘይክእሉ ስደተኛታት ኢዩ ዝድግፍ ዘሎ ኢሉ። እዞም ስደተኛታት እዚኣቶም፥ ኣብ ሃገሮም ብዘሎ ኩነታት ስለዝሰግኡ፥ ኣዝዮም ውሑዳት እንተዘይኮይኑ ብፍቶት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣይደልዩን ኢዮም። ዓለማዊ ትካል መግቢ፥ ኣብ ናይሮቢ ዘውጽኦ ኣዋጅ፥ ካብቲ ክሳዕ መጋቢት 2006 ክውሃብ ተመዲቡ ዝነበረ 17.7 ሚልዮን ዶላር፥ ክሳዕ ሕጂ፥ ማለት ፍርቂ ናይቲ ተወሲኑ ዝነበረ ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ፥ ተዋሂቡ ዘሎ ደገፍ 9.4 ሚልዮን ጥራሕ ኢዩ ኢሉ።

ቀጺሉ፥ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሱዳን ክህልዉ ካብ እንጽበዮም ዝነበርና ስደተኛታት ንላዕሊ ስለዝጸንሑና፥ ናይ መግቢ ምዕዳል መስርሕ፥ ብሰንኪ ዝምውሎ ኣካል ምስኣን ከየቋርጽ ወይ ድማ ከይውሕድ ስግኣት ኣሎና ኢሉ። ከምኡ ውን፥ ርግኣት ዘይምህላውን፥ ካብ ፖርትሱዳን ናብ መደበራት ስደተኛታት ስንቂ ናይ ዘጋዓዕዛ መኻይን ዋሕድን፥ ስንቂ ብቀጻልነት ናብቶም ስደተኛታት ንምብጻሕ ዕንቅፋት ኰይኑና ኣሎ ኢሉ።